# ጓጹም ጾመ ወናፍቅር ብጾኑ

# እስመ ለዓለም ምሕረቱ

## ብዛዕባ ጾም (1)

**ጾም** ዘይብሉ ሃይማኖት የለን ክንብል ንኽእል፡ ምኽንያትይ ሰብ ኪጸውን እንከሎ ልዕልና ኣምላኽን ትሕትና ፍጡርን ይገልጽ። እንተ ኣስተብሂልናሉ፡ ሰብ ኪጸውን እንከሎ፡ ንሰብነቱ ይቐጽዕ እሞ፡ ነፍሱ ናብ ኣምላኽ ክተድህብን ክትሰግድን ይቐለላ' ስለዚስ፡ ጾም ሓደ ግብሪ "ኣምልኾ" ኢዩ፡ እንተበልና ልክዕ ኣሎና።

ብርግጽ፡ ጾም፡ ከም ካብ ምግብን መስተን ምኽልካል ጥራሕ ገርና እንተተረዲእናዮ፡ ምናልባት ጉድኣት እምበር፡ መንፈሳዊ ጥቕሚ ኣየፍርየልናን። ምስ ትሕትናን፡ ንስሓን፡ ሓልዮት ስኡናትን ዝተሰነየ ጾም ግን ብርግጽ መንፈሳዊ ጥቕሚ ከምዘለዎ ዚጥርጥር የብልናን። ናይ ነቢይ ዳንኤል፡ ብዛዕባ ኣብ ስደት ዝነበረ ሕዝቡ ዝረኸቦ ዝነበረ ውርደትን፡ ዝበጽሖ ዝነበረ ጭቕናን ኬማልድ ኪብል፡ ዝገበሮ ጾም ንመልከት (ዳን 9፡ 3)፡ "ማቕ ተኸዲነን ኣብ ሓሙኸሽቲ ደቒሰ እናጾምኩ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣምላኸይ እልምንን እምህለልን ነበርኩ"። ከምኡ ናይ ኣስቴርን፡ ዮዲትን ኣብነት ኣሎና። ስለዚ ጾም ናብ ኣምላኽ ዚዓርግ መንፈሳዊ መሥዋዕቲ እውን ኢዩ እሞ፡ ናይ ኣማልድነት ኃይሊ ኣለዎ። ብጾም ሰብነትና ይቕጻዕ (ማለት ይጠምን ይጸምእን፡ ይደክምን)፡ ነፍስና ግን ካብ ባርነት ሓጢኣት ስለዝፈኹሳ፡ ብዝቐለለ ንኣምላኽ ትዝክሮ፡ ብመንገዱ ትመላለስ፡ ምህለላኣ ድማ ብዝበለጸ ናብ ኣምላኽ ይቐርብን፡ ተቐባልነት ይረክብን። ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ፡ "እዚ ዓይነት መናፍስቲ ብዘይካ ብጾምን ብጸሎትን ኣይርሕቕን ኢዩ፡" (ማቴ 17፡ 21) ብምባሉ ሓይሊ ጾም ዝገልጸልና።

እምበኣር ጾም፡

ሀ. ናይ ኣምልኾ ጸሎት/ተግባር ኢዩ፡ ማለት "ምልኪ" ኣምላኽ ኣብ ልዕልና እንገልጸሉ ኣግባብ ኢዩ፡

ለ. ናይ ንስሓ መንፈሳውነት ኣለዎን ኣብ ንስሓ ክንጸንዕ ይሕግዘናን፡

ሐ. ንስምዒት ሰብነትና ክንመልኽ ይሕግዘና፡ ስለዚ ንፈተነ ሰይጣን ክንቃወሞ ይድግፈና፡

መ. ንጸሎትን ምህለላን ስንድዋት ከምእንኸውን ይሕግዘና፡ ከምኡ ድማ ንጸሎት ልመናና ተሰማዕነት ይውስኸሉ . . .

ኣብ ርእሲ እዚ ኣብ ላ|ሊ እተጠቕሰ ረብሓ፡ ጾም ሓደ ኣገዳስን ካብዚኦም ዘይግለ ማኅበራዊ ረብሓ እውን ኣለዎ። ኣብ ጾም ዝተረኽበ ትርፊ ንረዲኤት ስኡናት ኪውዐል ኣለዎ። "እቲ ኣነ ዝፈትዎ ጾምሲ፡ እዚ ዚስዕብ ኢዩ … እንጌራኹም ንጥሙይ ምምቃል፡ ነቶም ዝተሰዱ ድኻታት ኣብ ቤትኩም ምቕባል፡ ዕሩቓት እንተርኤኹም ምኽዳን፡ ንዘመድኩም ካብ ምሕጋዝ ዘይምሕባእ።" (ኢሳ. 58፡ 6.7) ስለዚ፡ ኣብ ጊዜ ጾም፡ ምናዳ ከኣ ኣብ ጊዜ ጾመ ፴፡ ምስ ድኻታት እንጌራኻን ንብረትካን ምምቓል እንተፈቶኻ እትገብሮ፡ እንተዘየሎ እተትርፎ ኣይኮነን። ማለት፡ ኣብ ጊዜ ጾም ኣዒንትና ካባና ኣርሒቕና ናብ ኃውትና ቍልሕ ምባል፡ ካብቲ ቀንዲ ገጽታ ናይ ጾመ ፴ ኢዩ።

ዚርዳእ ኃውና ግን እቲ ብጥሜትን ብጽምእን ዝተጠቕዐ ጥራሕ ኣይኮነን። ዝሓመመ ወይ ዝተኣስረ ብመንፈስን ብሥጋን ዝተጨነቐ፡ ምብጻሕ ዜድልዮ ኃው ኪህሉ ይኽእል፡ ዘይፈልጥ ሓበረታን ምኽርን ሓገዝን ዚደሊ ኃው ኪህሉ ይኽእል። እዚኣቶም ጊዜናን ሓልዮትናን የድልዮም። እዚ ማለት ድማ ተገዳስነትና ኣብ ገዛእ ርእስና ጥራሕ ክንዲ ዚጥምት፡ ንሓደ ጊዜ ካባና ኣርሒቕና ክነተኵር ይሓተና።

ካብ ኵሉ ንላዕሊ ግን፡ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ትንቢት ኢሳይያስ ከምዝሕብረና፡ "ንማእሰር እከይ ምፍታሕ፡ ነርዑት ባርነት ምዝላቕ፡ ንጥቑዓት ምውጻእ ሓራ፡ ኣርዑት ባርነት ዘበለ ኵሉ ምስባር …" ቀንዲ ፍረ ጾም ኪኸውን ኣለዎ። ማእሰርቲ እከይ፡ ኣርዑት ባርነት፡ መጥቃዕቲ ኪብል እንከሎ፡ ንምንታይ እናመልከተ ኢዩ ዚዛረብ ዘሎ? ኣብ ወንጌል "ኣብዚ ምድሪ ዝኣሰርክምዎ ኣብ ሰማይ እሱር፡ ኣብዚ ምድሪ ዝፈታሕክምዎ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን ኢዩ" እናበለ፡ ንሓጢኣት ሰብ ከም ማእሰርቲ ገይሩ ከምዚርእዮ ይገልጸልና እሞ፡ ብሰንኪ ሓጢኣትና (ዝበደለና ምሕዳግ ብምእባይና ዲዩ፡ ወይ ምኽንያት ሓጢኣት ዝኾናዮ ሰብ ዲዩ፡ ወይ ምስኡ/ኣ ብምሕማእና) ዝኣሰርናዮ ኃው እንተሎ ምናዳ ኣብ ጊዜ ጾም፡ ቀንዲ ጻዕርና፡ ማእሰርቲ ሓጢኣቱን ኣርዑት ባርነቱ ክንሰብረሉን ሓላፍነት ኣሎና።

ፍሬ ጾም ድማ ንጥቕሚ ጽድቅናን ንዕቤት ኅብረተ ሰብን ይውዕል (ኢሳ 58፡ 10-12 ርአ)። እዚ ፍሬ ኪርከብ ኢላ ኢያ ቤተክርስትያን ጸጺሓ ጾም እትእውጅ። ኣብ ጊዜ ጾመ ፴ ድማ፡ "ብጾምን ጸሎትን ምጽዋትን ብስኢትን ኢዩ ሓጢኣት ዚድምሰስ።"

"እግዚኣብሔር ብቕልጡፍምእንቲ ኪሰምዓና፡ ጾም ንጹም፡ ንብጾትና ነፍቅር፡ ክፍኣት ካብ ልብና ነርሕቕ!።" ትመክር። ከምኡ ድማ ቀጺላ፡ "ጾም ዓቢይ ረብሓ ኣለዎ፡ ንነፍስኹም ካብ ሓጢኣት በጻ ተውጽኣኪም፡ ሰላም ትገሪ፡ ታሕጓስ ድማ ትዕድል።"

"ጾም ንቅድስና ይሕግዘና፡ ኣብ መንግሥተ ሰማያት ድማ የብጽሕ ስለዝኾነ፡ ሙሴ ኣርባዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን፡ ዳንኤል ድማ ሠለስተ መዓልቲ ከምዝጸመ፡ ንስኻትኩም ድማ ብታሕጓስን ብሰላምን ጾም ኣኽብሩ።" ኢላ ትመክር።